# *ወዳጆ ሽጣራ፡ ሕጂኸ "ቀ'ሰልኹም ኣይትሕከኹ!" ድዩ ክብለና ደልዩ?*

*እዚ ሕጂ ኣብ ኢትዮጵያ ዝለዓለ ስልጣን ከም ዘለዎ ኰይኑ ዚቐርብ ዘሎ፡ መበቆሉ ካብ ደቡብ ህዝቦች ዝኾነ ሃይለማርያም ደሳለኝ ዝተባህለ ሰብ፥ መለስ ዜናዊ ቅድሚ ሞቱ ንገለ ኣብ ተግባር ከውዕሎ ዝወጠኖ፡ ግን ከየርከበሉ ሞት ዘርከበቶ ተንኰል ኪሕግዞ ኢሉ ዝሓጸዮ ሰብ ምዃኑ ዘይፈልጥ ዘሎ ኣይመስለንን። መለስ ዜናዊ ምስ ሞተ፡ ስርዓት ወያነ ዝገብሮ ጠፊኡዎ፡ ኣልቃሶ ቈጺሩ መሪር ህዝባዊ ዝመስል ሓዘን ፈብሪኹን፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ መልኣኹ ከምዝሞቶ ከእምኖ'ን'ዩ ፈቲኑ። እቲ በስገዳድ ንኣዋርሕ ዝቐጸለ ሓዘንን ሓቀኛ ንብዓት ዝሓረሞ ቀሻሺ መልቀሳትን ናይ ሓዘን ተዋስኦታት ምንባሩ ግን፡ ኣሸንኳይ ባህሊ ኢትዮጵያውን ንዚፈልጥ ሰብ፡ ጸዓዱ ከይተረፈ ነቒሖሙሉ ኣግሂዶም ተዛሪቦሙሉን ኢዮም። ዝገብሮ ዝጠፍኦ ስርዓት ወያነ ድማ ከም እንኮ መዋጽኢ ካብቲ ሃንደበት ዘጋጠሞ ሓያል ወጥሪ መታን ኪናገፍ፡ ንሃይለማርያም ደሳለኝ ንኢትዮጵያ ኪመርሕ መዚዙዎ። ብድሕሪ መጋረጃ ግን ኣባላት ስርዓት ወያነ ባዕላቶም ከምዝዝውርዎ ኰሉ ዚፈልጦ ሓቂ'ዩ።*

*እነሆ እምበኣር ሃይለማርያም ደሳለኝ ኣብዚ ቅንያት'ዚ ከም ደላይ ሰላም ኰይኑ ምስ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፍወርቂ ኪዘራረብ ድሉው ከምዘሎ ዚገልጽ ንሰላም ዘንቀደ ዚመስል ተወስኦ ከስምዕ ጀሚሩ'ሎ። እዚ ሓድሽ ዝመስል ተዋስኦ ግን፡ ነቲ ቀደም መለስ* ***"ቀ'ሰልና ኣይንሕከኽ!"*** *ኪብል ንግርህነትና መዝሚዙ ዘዳህለለና ተንኰል ዚመስል ወዳጆ ዘበለ ሽጣራ'ዩ። ለባማት ኪምስሉ* ***"ንመጀመርያ እንተኣታሊልካኒ እቲ ውርደት ንዓኻ፡ ንኻልኣይ ግዜ እንተ ኣታሊልካኒ ግን እቲ ውርደት ንዓይ'ዩ!"*** *ይብሉ። ኣቶ ሃይለማርያም ደሳለኝ ድማ ብቕንዕና ንሰላም እንተድኣ ተበጊሱ፡ ኣስመራ ከይደ ምስ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳያስ ክዘራረብ ድሉት ኣሎኒ ኢሉ ቅድሚ ምምዳሩ ኣቐዲሙ ኪፍጽሞም ዚግብኦ መሰረታውያን ስጉምትታት ኣለዉ። ንሳቶም ድማ፡* ***ብዘይ ወዓል ሕደር ነቲ ብኮሚሽን ዶብ ዝተወሰነ ውሳኔ ብወግዒ ከምዚቕበሎ ብወግዒ ኪእውጅን፡ እቲ ኣብ ሉኣላዊ መሬት ኤርትራ ሰፊሩ ዘሎ ሰራዊት ኢትዮጵያ ጠቕሊሉ ኪወጽእ ኪግበር ኣለዎ።*** *ካብዚ ብዝተረፈ ንሜድያዊ ሃልኪ ጥራይ ዚግበር እንተኾይኑ ግን፡ ንስኻ'ውን ከምቶም ዝሓለፉ መራሕቲ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ኪትቈጻጸር እናኣምባሃቕካ ናብ መቓብርካ ክትሓልፍ ኢኻ።*

*ኤርትራውያን ምስ ኢትዮጵያውያን ብዓይኒ ጽልኢን ብማዕዶን እናተጠማምትና ንሓዋሩ ክንነብር ድሌትና ኣይኮነን። እቲ ሓቀኛ ባህግና ከምቲ ቅድሚ ስርዓት ወያነ ብጥልመት ወራራት ዝፈነወልና ዝነበረ ኵነታት ኪምለስን ኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ንኻልእ ኣህዛብ ኣብነት ዝኸውን ድልዱል ናይ ንግድን ምትሕግጋዝን ርክባት ምፍጣር'ዩ።* ***እዚ ንኪኸውን ግን ብመራሕቲ ኢትዮጵያ ተባዕ ቅኑዕን ልባውን ተበግሶ ኪውሰድ የድሊ።***

*ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!* *መትከል ኣስመሮም ሸወደን።*